# እታ ደቃቕ ዘርኢ፡ ዛንታ ዋንጋሪ ማታይ

Nicola Rijsdijk
Maya Marshak
Daniel Berhane Habte
tigrinska
nivå 3

(utan bilder)

ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ኣብ ዝባን ናይ እምባ ኬንያ ኣብ እትርከብ ሓንቲ ዓዲ፡ ሓንቲ ንእሽቶ ጓል ምስ ኣዲኣ ኣብቲ ግራውቲ ትሰርሕ ነበረት። ስማ ዋንጋሪ ትበሃል።

ዋንጋሪ ኣብ ግዳም ምኻን ትፈቱ ነበረት። ኣብ ናይ ስድራኣ ስፍራ ኣታኽልቲ፡ ብጐዞሞ ጌራ ነቲ ድንኩል ትሰባብሮ። ንኣሸቱ ኣዝርእቲ ናብቲ ምዉቕ መሬት ጠዊቓ ተእትው።

ጾሓይ ዕራርብቦ እቲ ኣዝያ እትፈትዎ ክፍለግዜ ናይ መዓልቲ እዩ። መሬት ጾልሚቱ ኣትክልቲ ምርኣይ ክኣብይዋ ከለዉ፡ ዋንጋሪ ንቤታ ትኸደሉ እዋን ከምዝኣኸለ ክተስተብህል ከኣለት። ክትከይድ ከላ፡ ሩባ ተሳጊራ ነቲ ብማእከል ግራት ዝስንጥቕ ቀጢን መንገዲ ትኽተል።

ዋንጋሪ በላሕ ቆልዓ እያ ዝነበረት ትምህርቲ ክትጅምር ድማ ሃረር ትብል ነበረት። ኣዲኣን ኣቦኣን ግና ክትጸንሕ'ሞ ኣብ ቤት ክትሕግዞም ደለዩዋ። ዕድሚኣ ሸውዓተ ዓመት ምስኣኸለ፡ ዓቢ ሓዋ ናብ ቤት ትምህርቲ ክሰዱዋ ንወለዳ ኣእመነኖም።

ዋንጋሪ ትምህርቲ ትፈቱ ነበረት! ካብ ነፍሲ-ወከፍ ዘንበበቶ መጽሓፍ ብዙሕ ተማህረት። ኣብ ትምህርታ ኣዝያ ብልጽቲ ብምዃን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ንኽትመሃር ዕድል ረኸበት። ዋንጋሪ ኣዝያ ተሓጐሰት! ብዛዕባ ዓለም ዝያዳ ክትፈልጥ ተሃንጠየት።

ኣብቲ ናይ ኣሜሪካ ዩኒቨርሲቲ ዋንጋሪ ብዙሕ ሓድሽ ነገራት ተማህረት። ብዛዕባ ኣትክልትን ከመይ ከምዝበቚሉን ኣጽንዐት። ኣብቲ ማራኺ ጫካታት ናይ ኬንያ ኣብ ትሕቲ ጽላል ናይ ኣእዋም ምስ ኣሕዋታ እናተጻወተት፡ ንባዕላ ከመይ ከምዝዓበየት’ውን ዘከረት።

ዝያዳ ብዝተማህረት፡ ንህዝቢ ኬንያ ከምትፈትዎም ዝያዳ ተገንዘበት። ሕጕሳትን ናጻን ክኾኑ ደለየት። ዝያዳ ብዝተማህረት፡ ነቲ ናይ ኣፍሪቃ ቤታ ዝያዳ ዘከረት።

ትምህርታ ምስወድኣት፡ ናብ ኬንያ ተመልሰት። ሃገራ ግን ተቐዪራ ጸንሓታ። ዓበይቲ ሕርሻታት ኣብቲ ሃገር ኣስፋሕፍሑ። ኣዴታት ንመብሰሊ መግቢ ዝኸውን ዕንጨይቲ ሰኣና። ህዝቢ ደኺዩ ቆልዑ ድማ ጠመዩ።

ዋንጋሪ እንታይ ክትገብር ከምዘለዋ ተገንዘበት። ነተን ኣዴታት ካብ ዘርኢ ከመይ ጌርካ ገረብ ከምእተብቍል መሃረተን። እተን ኣዴታት ነቲ ኣግራብ ሸጥኦ ነቲ ዝረኸቦኦ ኣታዊ ድማ ንመእለዪ ስድራቤተን ኣውዓልኦ። እተን ኣዴታት ኣዝየን ተሓጐሳ። ዋንጋሪ ፍናንን ጽንዓትን ክስምዐን ሓጊዛተን እያ።

ግዜ ብዝሓለፈ፡ እቲ ሓደስቲ ኣግራብ ጫካ ኹነ፡ እቶም ኣፍላግ ድማ ከም ቀደሞም ክዛርዩ ጀመሩ። ናይ ዋንጋሪ ኣስተምህሮ ካብ ጻትንጻት ኣፍሪቃ ተዘርግሐ። ሎሚ፡ ካብ ናይ ዋንጋሪ ዘራእቲ ሚልዮናት ኣግራብ በቑሉ ይርከብ።

ዋንጋሪ ጽዒራ እያ። ዓለም ብዓለሙ ኣቓለበላ፡ ኣዝዩ ግኑን ሽልማት ድማ ኣበርከተላ። እቲ ሽልማት ናይ ሰላም ሽልማት ኖበል እዩ ዝበሃል፡ ንሳ ድማ ነዚ ሽልማት ዝበቕዐት ናይ ፈለማ ኣፍሪቃዊት ጓል ኣንስተይቲ ኮነት።

ዋንጋሪ ኣብ 2011 እኳ ብሞት እንተተፈለየትና፡ ጽቡቕ ኦም ኣብንርእየሉ ኩሉ ግዜ ግና ኣብ ኣእምሮና ትቕጀለና።

# Sagor för barn på svenska

berattelser.se

## እታ ደቃቕ ዘርኢ፡ ዛንታ ዋንጋሪ ማታይ

Skriven av: Nicola Rijsdijk
Illustrerad av: Maya Marshak
Översatt av: Daniel Berhane Habte

Denna saga kommer från African Storybook (africanstorybook.org) och vidarebefordras av Sagor för barn på svenska (https://berattelser.se/), som erbjuder sagor på månge språk som talas i Sverige.

Detta verk är licensierat under en Creative Commons
Erkännande 4.0 Internasjonal Lisens.